# <u>ዓበይቲ ነብሶም ኪኢሎም ክነብሩ ዚሕግዝ መደብ</u>

ኣብ ፍራንክሊን ካውንቲ መደብ ኣማራጺ ንዓበይቲ፣ ዕድሜኦም 60 ዓመትን ካብኡ ንላዕሊን ንዝኾኑ ዓበይቲ ነበርቲ ፍራንኪሊን ካውንቲ ነብሶም ኪኢሎም ክነብሩ ዘኽእል ምንጪ ሓበረታን መሳለጢን ኢዩ።

***መደብ ኣማራጺ ንዓበይቲ እዞም ዝሰዕቡ ኣገልግሎታት ብነጻ የቕርበልኩም፣***

- ☐ ምዝርጋሕ ሓበሬታት
- ☐ ምክትታልን ምስላጥን ጉዳያት
- ☐ ሓገዛት ኣብ ስራሕ ገዛ
- ☐ ምክንኻን ኣካላት
- ☐ ቀጻሊ ምእላይን ምክንኻንን ንዓበይቲ
- ☐ ሓበሬታ ብዛዕባ ኣብ እዋን ሓደጋ ዝውሰዱ ስጉምትታት
- ☐ ኣገልግሎት ምቕራብ/ምብጻሕ ምግቢ
- ☐ መጓዓዚያ ናብ ሕክምናዊ ኣገልግሎት
- ☐ መውዓሊ ዓበይቲ
- ☐ ደቅቕቲ ጽገናታት ገዛ
- ☐ ናይ ኣሜሪካ ናይ ዜግነት ትምህርትን ንፈተና ምድላውን

ብዛዕባ መደብ ኣማራጺ ንዓበይቲን ካልእ መደባት ኣብ ፍራንክሊን ካውንቲን ክትሓቱ ምስ እትደልዩ በዚ ዝስዕብ ቑጽሪ ደውሉ፣ ብቛንቋኹም ተራዳዲኦም ጉዳይኩም ዘሳልጡ ሰብ ሞያ ተዳልዮምልኩም ኣለዉ።

ናይ ስራሕ ሰዓታት ሰኑይ - ዓርቢ 8:30 a.m. - 4:30 p.m.

ስልኪ **(614) 235-5747**

ኣድራሻና፣
3624 Bexvie Avenue, Columbus, OH 43227

FRANKLIN COUNTY Senior Options

**Franklin County Office on Aging**
*an agency of the*
**Franklin County Board of Commissioners**
**Paula Brooks • Marilyn Brown • John O'Grady**

**www.officeonaging.org**

# ኣገልግሎት መደብ ንዓበይቲ

***ምዝርጋሕ ሓበሬታ*** ብዛዕባ ኮማዊ-ሰረት ዘለዎም ኣገልግሎታት ንዓበይቲ ሓበሬታ ናብ ህዝቢ ይዝርግሕ።

***ምክትታልን ምስላጥን ጉዳያት*** ዓበይቲ ንዝሓቱዎምን ዝደልዩዎምን ኣገልግሎታት ብግቡእን ብጽፉፍን ምትግባሮም ይከታተልን የረጋግጽን።

***ሓገዛት ኣብ ስራሕ ገዛ*** ንዓበይቲ ናይ ፎኮስቲ ምጽርራይ ገዛን ምሕጻብ ክዳውንትን ኣገልግሎት ብምሃብ ኣብ ዝጸረየን ዝሓሸን ኩነታት ንኽነብሩ ይሕግዝ።

***ምክንኻን ኣካላት*** ንዓበይቲ ናይ ምክንኻን ኣካላት ከም ብዓል ምልጻይ ጭሕሚ፣ ምቕምቓም ጸጉሪ ወ.ዘ.ተ ዝኣመሰሉ ኣገልግሎታት ይህብ።

***ቀጻሊ ምእላይን ምክንኻንን ንዓበይቲ*** ስልጠና ዝወሰዱ ንዓበይቲ ዝህቡዎ ቀጻሊ ምእላይን ምክንኻንን ኢዩ። እዚ ድማ ዓበይቲ ብዘይ ስግኣት ንኽነብሩ ይሕግዝ። ኣድላዪ ኮይኑ ኣብ ዝተረኽበሉ ድማ ናይ 24 ሰዓት ምክትታል ይግበረሎም።

***ሓበረታ ብዛዕባ ኣብ እዋን ሓደጋ ዝውሰዱ ስጉምትታት፣*** ድሕነት ዓበይቲ ኣብ ገዝኦም ንምርግጋጽን ዓበይቲ ኣብ እዋን ሓደጋ ተኻላኺልቲ ሓደጋ ንምጽዋዕን ኤለትሮኒካዊ መራኸቢታት ክህልዎም ምሕጋዝ።

***ኣገልግሎት ምቕራብ/ምብጻሕ ምግቢ፣*** ዓበይቲ ኣድለይቲ ናይ ምግቢ መኣዛታት ክረኽቡ ዘኽእል ዝተመጣጠነ መግቢ ምቕራብ።

***መጓዓዝያ ናብ ሕክምባዊ ኣገልግሎት*** መጓዓዝያ ናብ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ምቕራብ፣ ናይ ተንቃሳቃሲ መምበር ምጉዕዓዝ ዘጠቓልል ኮይኑ፣ ንተጓዓዚ ሓደ ሰብ ክሰንዮ ይኽእል።

***መውዓሊ ዕበይቲ፣ ስንክልና፣*** ናይ ምንቕስቓስ ጸገማትን ዘለዎም ዓበይቲ ንክውዕሉሉ ብዝጥዕም መንገዲ ዝተሰርሐ ኮይኑ፣ ኮማዊ-ሰረት ዘለዎ መደብ ኢዩ። እዚ መደብ እዚ ጥዕናዊ ኣገልግሎት፣ ምክንኻን ኣካላት፣ ምግቢን የጠቓልል።

***ደቕቕቲ ጽገናታት ገዛ*** ድሕነት ዓበይቲ ንምርግጋጽ ዝተፈላለዩ ደቀቕቲ ጽገናታት ገዛ ይግበረሎም።

***ንዜግነት ትምህርቲ፣*** ናይ ኣሜሪካ ዜግነት ክረኽቡ ንዝደልዩ ዓበይቲ ምስ ኢሚግረሽን ጠበቓ ብምትሕብባር ንክረኽቡ ምስላጥን ናይ ዜግነት ትምህርቲ ብምሃብ ንፈተና ብምድላው ዜግነት ንኽረኽቡ ምሕጋዝ።